# ዕሉም ዘሪጋ

ይኣኽለካ ሸንኮለል፡ ይኣኽለካ ጉያ
ይኣኽለካ እምቢታ፡ ይኣኽለካ ኣብያ
ይኣኽለካ ምሕባእ፡ ይኣኽለካ ድብያ።

ይኣኽለካ ጸርፊ፡ ይኣኽለካ  ጸለመ
ይኣኽለካ ዘለፋ፡ ግደፍ ኣይትዳመ
ፍርሒ ኣይትውሰዶ ሓውኻ'ንተለበመ።

ንዋዕላ ኣቦታትካስ፡ ዋዕላ ቆልዑት'ዩ ኢልካዮ
ንውዕሎ ጀጋኑስ ልኡኽ ሓሊቦ ኣጠሚቕካዮ
ንዋዕላ ሓድነትስ ብላሽ'ዩ ኢልካ መዚንካዮ።

ነዚ ሃይማኖታትናን ብሄራትናን ዘስመረ ዋዕላ
ነዚ ሃንቀውታ ህዝብና ዘርወየ ትስፉው ዒላ
ነዚ ንህግደፋውያን ዘርዓደ ናይ ለውጢ ህቦቡላ።

ነዚ ሓዳግ ዋዕላ'ዚ፡ ነዚ ለባም እቕረ ብሃሊ
ነዚ ደላይ ፍቕሪ ዋዕላ'ዚ፡ ነዚ ንስመር በሃሊ
ካብ ኩሉ ነጻ ኮይኑ ንኩሉ ብማዕረ ዝኣሊ።

ምእንቲ ፍቕሪን ሓድነትን ፡ ምእንቲ ኣላዝቦ
ንዝሓንገደ ዓሻ ከይተረፈ ብጽሒቱ እንተሃቦ
ዘበን ግርምቢጥ'ዩ ንዝሓለየልካስ ፡ልኡኽ ሓሊቦ።

ቅድሚ ዋዕላ ዝበልካዮ ሓወይ ረሲዕካዮ ዲኻ
ሰነዳትካስከ ገናጽሎም እንታይ ዲኻ ተመኒኻ
ንትንቢተ ህግደፋውያን ዶ ኣይኮንካን ዝጸሌኻ።

ሎሚ ግን ስለ ዝፈሸልካ ጸሎትካ ስለ ዘይሰመረ
መእሰሪ ዘይብሉ ዘረባ ክትደዋውስ ዘቑጸልጸለ
ስዩም ምባል ይሕሸካ ሕጂስ ይኣኽለካ ተሓምበለ።

ይኣኽለካ ሒል ምባል፡ ይኣኽለካ ጉቶ
ንዓ ተመለስ ተለዘም ኣብ መሳርዕካ እቶ
ህዝብኻ ኣድሕን፡ ነግፈረግ ኣይትፍቶ።

**እንተዘይኮይኑ...............**

ዋላ ከጃህ'ውን እንተኾነ ሕፍረት ጋዶ
ዝጠቐመካ እንተኮይኑ መብጽዓ ማዕዶ
ነግፈረግ ኣይትበል ሃየ ትባዕ ኣግህዶ።

እንታይ ገድሹካ ምኽንያታት ትድርድር
ደቂስካ ተንሲእካ ነገር ካብ ትጽሕትር
ኣግሂድካ መብጽዓ'ሎኒ ኢልካ ዘይትነግር።

ኣማኻኒኻ ዕለተ ዋዕላ ን 2011 ከተሰጋግር
ኣረ እንታዩ ምኽንያቱ እዚ ኩሉ ዕግርግር
ምስጢር ድኣ ከይህሉወካ ሓወይ ዘኢትነገር።

ኤእ እወ ዘኢ.ትነገር ከይትህሉ ምስቶም ሽፋቱ
ምስቶም ን 2011 ናይ ሓሶት መብጽዓ ዝኣመቱ
ምስቶም ኣብ ፍራንክፈርት ዝሓገዩ ብዓል ስብሓቱ

ኣይፋልካን ሓወይ ተካል ምኽሪ ኣይትምከር
ብዝቐደሙ ተማሃር ብህግደፍ ከይትምንጀር
ንዓ ኣብ መሳርዕካ ተመለስ ቤትካዩ ኣይትሕፈር

ኣቤሎዉ ኣሕዋትካ ብዓል ስሙር ውድብ
ኣቤሎዉ ጀጋኑ ናቕፋ ምዑታት ሕሽክብ
ካን ብመብጽዓ ሓሶት ተጠቢ.ርካ ክትዓርብ

በል ብዕድልካን ብዕድልናን ካብ ትጣላዕ
ምኽሪ ኣሕዋትካን ኣቦታትካን ካብዘይትሰምዕ
ሃየ ከይከድካ ሕጂ ኣቐዲምካ ተስካርካ ብላዕ።

ደጊም ሽፋፊንካ ካብ ኮነ "ሳግላ ብላዕ ኣይትቕላዕ"
ዕዮ ኮንቶ'ዩ ኣብ መግደፍ ህግደፍ ካብ ትቆማጣዕ
ቀቢጸካየ ሓወይ ከይሞትካ ከሎኻ ተስካርካ ብላዕ።

ኣነ ውን ዋየ ዋየ ዋየ ክብለልካ ኢ.ደይ ጠውየ
ሓዊ ቀለታ ኪ.ዳነ'ዶ ክብለካ፡ ሓዊ ጋል ጽሃየ
ሓዊ ደሽክሊ.'ዶ ክብለካ ወዲ ወዶም ነባ ጎብየ።

ሓዊ'ዞም ኣሽነይበለ ተሓምበለ፡ ሓውዞም ኤልፒ
ሓውዞም ጸረ-ሓድነት ሓውዞም ጋንታ እምቢ
በል ቻው ጋሃነብ ይቀበልካ ፎእ ይበልካ ረቢ።

ብ ዘኢ.ትነገር ፡ ካብ ጀርመን